# ምትእምማን ቅንዕነትን

ኣብ ኣዉሮጳ ብፍላይ ድማ ኣብ ጀርመን ሰባት ናይ ዓሌት ወይ ባህሊ ወይ ስድራቤት ዶብ የብሎምን፣ ምስ ዝኾነ ሰብ ክመሓዛዘዉን ኣዕሩኽ ክኾኑን ይኽእሉ እዮም፣ ሓንቲ ነገር ግን ኣዝያ ተገድሶም ነገር ኣላ ንሳ ኸኣ ምትእምማን እያ፣ እሙን ክትከዉን ኣለካ ሓቀኛ ክትከውን ኣለካ ምኽንያቱ ሰባት ክትሕሰዎም ኣይፈትዉን እዮም። ኩሉ ግዜ ሓቂ ክትዛረብ ኣለካ። ከምዚ ምስ እትገብር ሰባት ክኣምኑኻ ይጅምሩ ዕርክነትካ ድማ እንዳ ደልደለ ይመጽእ።

## ግሉጽነት ምልክት ናይ ኣኽብሮት እዩ

ካልእ ፍልይ ዝበለ ነገር ድማ ጀርመናዉያን ኖኖእ ክብሉ ከለዉ እዩ። ንኣብነት ንዝኾነ ዕድመ ትዕድሞም እሞ ኣይጥዕመንን እዩ እንተ በሉኻ፣ ካልኣይ ሻዕ ኣይትሕተተኒ ማለት ኣይኮነን፣ ግን ነታ መዓልቲ ኣይትዕመንን እያ ካልእ ግዜ ምናልባት ማለት እዩ። ወይ ዉን ንስኻ እንተ ተዓደምካ እሞ እንተ ዘይጥዕመካ ኮንይኑ ኣይጥዕመንን ብምባልካ ዝቐየም ወይ ሕማቕዝስምዖ ሰብ የለን። እዚ ነገር እዚ ኣብ ዝኾነ መዳይ ናይ ህይወት ግልጺ ኮንካ ነጻ ምርጫ ክትመርጽ ከም ዘለካ ይሕብር።



©tharakorn, 123rf.de

©2016 Deutschland-Begleiter.de
Koordination und Umsetzung: VisioM, Bahnhofstr. 24, 35440 Linden, info@deutschland-begleiter.de